Schule Oftringen

Dienstleistungsbetrieb
GEMEINDE OFTRINGEN.CH

# መሰልን ግቡእን ወለዲ

ስድራ-ቤት

ቤ/ትምህርቲ

ክፍሊ ትምህርቲ

ምምሃርን ምዕባይን

ብሓባር ምስራሕ

ክብሪን ሓላፍነትን

# ወለዲ ካብ ቤ/ትምህርቲ ክጽበይዎ ዝኽእሉ

ቤ/ትምህርቲ ብቀረባ ምስ ወለዲ ብምትሕብባር ትምህርታዊ መደባት የቕርብ፡

ንተማሃሮ መሰረታዊ ትምህርቲ ይህብ

ቤ/ትምህርቲ ንወለዲ ኣብ ምምሃር ደቆም ከም ድሌት ወለዲ ምኽርታት ምሃብ;

ከም ኣድላይነት ካኣ ኣማኸርቲ ማእከላት የዳሉ።

ቤ/ትምህርቲ ብመምሪሒ ሕግታት ቤ/ትምህርቲ , ካሪክለምን እከይድ ።

ቤ/ትምህርቲ ጉዳይ ናይ ወለዲ ብዕቱብ ይርኢ ምሽታዊ ወለዲ ብስሩዕ የዳሉ, እንተወሓደ ሓደ ግዜ ኣብ ዓመት ምዝርራብ ምስ ወለዲ ድሕር ኣቀድምካ ምስምማዕ, እዚ ማለት ብድሌት ናይ ወለድን መምህርን ይካየድ።

ቤ/ትምህርቲ ኩሉ ግዜ ክፉት ማዕጾ ኣለዎ፡ ወለዲ ኣብ ዝኾነ ግዜ ትምህርቲ ናይ ደቆም ከበጽሕዎም እካኣል`ዩ። ፍሉይ ኣጋጣሚታት ናይ ቤ/ትምህርቲ ዝዓበየ ኣቃልቦ ኣብ ሂወት ትምህርቲ ከንጸባሪቕ እክእል።

መምህር ኣብ **ናይ ትምህርቲ ሰዓታት ጥራይ** ሓላፍነት ናይ ተማሃሮ ይወስድ።

ቤ/ትምህርቲ ዝኾነ ምቅይያር ናይ ሰዓታትን ኣጋጣሚታት ካብ ስሩዕ መደብ ወጻኢ፡ ኣብ ግዝኡ ንወለዲ ይሕብር፡

መምህር ሩኡይ ምቅይያር ኣብ ጠባይ ወይ ካኣ ብቕዓት ናይ ተማሃራይ ንወለዲ እሕብሮም.።

መምህር ከም ኣድላይነት ተወሳኺ ሓገዛት መላመዲ የዳሉ፡ ወለዲ ካኣ ኣብ ዋጋ ተካፍልቲ እኾኑ. መምህር ንወጻእተኛታት ቋንቋኣም ወለዲ ከም ኣድላየነት ተርጓሚ የዳሉ።

ቤ/ትምህርቲ ዝተፈላለየ ናይ ምዝንጋዕ ተኽእሎታት ኣብ (ገማይንደ) ምምሕዳር(www.oftringen.ch) ይውከስ. ንተማሃሮ ካኣ ናይ ኢደ-ጥበብ ትምህርቲ፡ ስፖርቲ ይህብ።

ቤ/ትምህርቲ ጸገማት ተማሃሮ ብኣማኸርቲ ኣብ ቤ/ትምህርቲ ሓገዛት ይህብ።

# ቤ/ትምህርቲ ካብ ወለዲ ክጽበይዎ ዝኽእሉ

ወለዲ: ደቆም ኣብ መዋእለ ህጻናት ወይ ካኣ ኣብ ቤ/ትምህርቲ ክጅምሩ ከለዉ መባእታዊ መረዳእታ ከምዝህልዎም ክገብሩ፡

ስለዚ ደቆም ኣብ መዋእለ ህጻናት/ቤ/ትምህርቲ ብዘይ ቀጻሊ ሓገዝ ርእሶም እኽእሉ

ደቆም መንገዲ ቤ/ትምህርቲ ክፈልጥዎን ባዕሎም ክመላለሱን።

ንደቆም ኣብ ሰዓቶም, ጽሩያት, ዕላማ ዘለዎ ኣኩዳድና ኣማልኣም ናብ ቤ/ትምህርቲ ክሰድዎም ኣለዎም።

ንደቆም ዝተመጣጠነ መግቢ የዳልውሎም, እኩል ድቃስ ንክድቅሱ ከተባብዕዎም ኣለዎም።

ወለዲ ኣብ ምስ ዕድመ ዝከይድን ኣብ ጠቃሚ መዛናግዕታት ናይ ደቆም ከተክሩ ኣለዎም።

ወለዲ ደቆም ኣብ ውሽጥ ቤ/ትምህርቲ ይኩን ካብ ቤ/ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ልዕሊ መማህርቶም ወይ ካኣ ካልኣት ክብሪ ክህልዎም ኣለዎም።

ደቆም ብዛዕባ ኣተሓሕዛ መጻወቲን, ንብረት ቤ/ትምህርቲን, ከምኡ ድማ ናቶም ንብረት ብጥንቃቀ ክሕዝዎም ከምዘለዎም ክፍልጥዎም ኣለዎም።

ወለዲን ተማሃሮን ሕግታት ናይ ቤ/ትምህርቲ ይፈልጡን በቲ ሕግ ይከዱ, እዚ ብምስምማዕ ምስ መምህር ይካየድ።

ወለዲ ብምስታፍ ኣብ ኣጋጣሚታት ናይ ቤ/ትምህርቲ ንደቆም ኣድንቀቶም ኣብ ቤ/ትምህርቲ የርእይዎም፡
ተገዳስነት ኣብ መዓልታዊ ትምህርቲ, ትምህርታዊ ዓወት ቆልዑ ይሕግዝ።
ወለዲ ኣብ ምሸታዊ ወለዲን ምዝርራብ ምስ ወለዲ ንክሳተፉ ይግደዱ።

ወጻእተኛታት ቋንቆኣም ወለዲ ( ኣድላይ እንተኮይኑ) ኣብ ምትርጓም ሓበረታታትን ሰነድን ናይ ቤ/ትምህርቲ ክጽዕሩ ኣለዎም።

ወለዲ ብዛዕባ ፍሉይ ናይ ምንብር ኩነታት, ኣካላዊ ተርእዮ ውላዶም ወዘተ.... ንመምህር ይሕብሩ, እዚ ሓበረታ`ዚ ንመምህር ብከመይ ምስቲ ከጋጥም ዝኽእል ጸገማት ንክፈትሖ ይሕግዞ።